# ብዓለ ትንሣኤ

## ሚያዝያ 12 2017 ዓ.ም. (4/20/2025)

**ይትፌሣሕ ሰማይ ወትትሐሠይ ምድር**

**ዛቲ ዕለት ዐባይ ፋሲካ ተዝካረ ትንሣኤሁ ለመድኃኒነ**

**መዝሙር፡** ይትፌሣሕ ሰማይ ወትትሐሠይ ምድር... ሎሚ አብ ሰማያት ዐቢይ ታሕጓስ ኮይኑ እዩ፥ ምድሪ ከአ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ ፋሲካ ትገብር አላ፥ ትንሣኤኡ አብ ሰንበት ገበሮ ከም ነዳዲ እሳት ናብ ሲኦል ወረደ፥ አብኡ ነቲ ማዕጾ ሓጺን ሰበሮ፥ አብ ሳልሳይ መዓልቲ ንሞት ሰዓሮ ንኃይሊ ጸልማት አባረሮ ይብል።



**ንባባት አብ ቅዳሴ** ሮሜ 6፡3-11 (1ቆር 5፡6-8) (ቆላ 3፡1-4)፥ 1ጴጥ 3፡17-24፥ ግ.ሓ. 10፡34-43፥ ማቴ 28፡1-10 (ዮሓ 20:1-18).

**ስብከት፡ ቅድሚ ቅዳሴ**

1. ወተንሥአ እግዚአብሔር ከመ ዘንቃሕ እምንዋም፥ወከመ ኃያል ወኃዳገ ወይን፥
ወቀተለ ጸሮ በድኅሬሁ። ሽዑ እግዚአብሔር ከምቲ ኻብ ድቃሱ ዚትንሥእ ሰብ ተንሥአ፥ ከምቲ ነቢት ሰትዩ ዝዕንድር ጀግና ኾይኑ ተንሥኤ መዝ። 78፡65~66

**ንባባት፡** ማቴ 28፡1-ፍ፥ ማር 16፡1-ፍ፥ ሉቃ 24፡1-13

**ስብከት አብ ቅዳሴ፡** ዛቲ ዕለት እንተ ገብረ እግዚአብሔር፥ ንትፈሳሕ ወንትሓሰይ ባቲ፥ ኦ እግዚኦ አድህንሶ። እቲአ እግዚአብሔር ዝገበራ ዕለት እዚአ እያ፥ ብአአ ንተሓጎስን ባህ ይበለናን፥ ኦ ይታ አድኅነና መዝ 118፡ 24-25።

ምድሪ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ ፋሲካ ትገብር አላ እናበልና ብዓል ትንሣኤ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ነብዕል አሎና። ሰላም ዘውርድ ፍቕርን ሓድነትን ዘንግሥ ትንሣኤ ይግበረልና። በዚ አጋጣሚ ንኹልኹም እንቋዕ አብ ብርሃነ ትንሣኤ አሰጋገረኩም እናበልኩ ሰናይ ትንምኒተይ እገልጸልኩም።

ትንሣኤ መድኃኒና ፍሉይ ዝገብሮ ነገሩ ጉዳይ አምላኽ ስለ ዝኾነ ከምኡ ሕመረት እምነትና ንሱ ስለ ዝኾነ እዩ። ትንሣኤ ብዛዕባ ኢየሱስ እቲ መንግስቲ አምላኽ ዝሰበኸ እዩ። እምብአር ሎሚ እነብዕሎ ዘሎና ፍሉይ ብዓል አብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ዝወዳደሮ ዘይብሉ እዩ። ቅድሚ ክርስቶስ ይኹን ድሕሪ ክርስቶስ ይኹን ከምዚ ተሰሚዑን ተራእዩን አይፈልጥን። አልአዛር ብክርስቶስ ካብ ሞት ተንሢኡ ግን እንደገና መይቱ። ክርስቶስ ተንሢኡ እዩ ዳግም እውን አይመውትን እዩ። ንሱ ካብ ዓለም ምውታን ተንሢኡ እዩ፥ ክትንሥእ እንከሎ ኸአ ግርማን ክብርን ለቢሱ እዩ ተንሢኡ። ሎሚ እነብዕሎ ዘሎና ዓወት፥ ሕይወት አብ ልዕሊ ሞት፥ ተስፋ አብ ተስፋ ዝቑረጸ፥ ብርሃን አብ ልዕሊ ጸልማት፥ ጽቡቕ አብ ልዕሊ ክፍኡ እዩ።

**ክርስቶስ ከም ዝተንሥኤ ንአምንን ንፈልጥን ኢና።**

- ንሕና ብጥምቀት አብ ማሕበር ክርስቶስ ዝአቶና ምስኡ ተንሢእና ኢና በዚ ምኽንያት ከአ ሓዲስ ሕይወት ነትስተማቕር። ትንሣኤ ማለት አብ ሓዲስ ሕይወት ምስታፍ ማለት እዩ። ከምቲ እስራኤላውያን ካብ መረት ባርነት ግብጺ ምስ ወጹ ነጻነት ክዝክሩ "ፋሲካ" ዘብዓሉ ንሕና

ክርስትያን ትንሣኤ ክርስቶስ ፋሲካና እዩ። ካብ ሞት ናብ ሕይወት ካብ ጸላም ናብ ብርሃን፥ ካብ ኃጢአት አብ ጽድቂ ዝአቶናሉ ፍሉይ ቅዱስ ዕለት።

- ንኃጢአት እንተ ሞትና አብ ሓቂ እንተ ነበርና ንሕና እውን ከም ክርስቶስ ብግርማን ክብርን ክንትንሥእ ኢና። አምላኽ ዕጫ ትንሣኤ ንርእሱ ጥራሕ አይ ገበሮን ንአና እውን ክንትንሥእ ከምእንኽእል ገሩና ግን ናታትና ሱታፌ የድሊ። ባህግን ስምዒትን እኹል አይኮነን። ደቂ ትንሣኤ ክንከውን ካብ ኃጢአት ነጻ ክንከውን አሎና።

- ጎይታና ንሞት ስዒርዎ እዩ፥ ሕጂ አብ ግርማ መንበሩ እዩ ዘሎ። ብትንሣኤኡ አድሒኑና እዩ፥ ምእንታና ደሙ አፍሲሱ ዋጋ ድሕነት ከፊሉልና። ሎሚ ካባና ዝድለ ዘሎ ነቲ አምላኽ ዝገበረልና ርኢና ክንክእል እሞ ደቂ ድሕነት ኮና ሓዲስ ሕይወት ምስኡ ክንጅምር።

- ሰማያዊ አቦ ንኢየሱስ ካብ ሙታን አተንሢኡ ካብ ኩሉ ዝዓቢ ስም ሃቦ። ዓርቢ ስቕለት ነቲ ዘስካሕክሕ ሞት ስዕረት ዝመስል ዝነበረ አብ ዓወት ንሓዘን አብ ሓጎስ ቀይራቶ። ሎሚ ንሕና ክንቅየር ተሳተፍቲ ስቓይን ሞቱን ክንከውን ንሕተት አሎና ከመይ ምስኡ እንተ ሞትና ጥራሕ ኢና ምስኡ ክንትንሥእ እንኽእል።

## ትንሣኤ ክርስቶስ ዋሕስ ትንሣኤና እዩ።

ሎሚ እንዕልሎ ዕልልታ ከምኡ እነዚሞ ዜማ ሓጎስ አምሳል እቲ ዘለዓለማዊ መዝሙር ውዳሴ አብ መንግስተ ሰማይ ዝዝመር መዝሙር መላእኽትን ቅዱሳንን አብ ልባትና ዘድምጽ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ክርስቶስ ዘይተንሥኤ እንተ ኾይኑ እምነትና ብላሽ እዩ” ይብለና። ኩሉ ክርስትያናዊ እምነትና አብ ትንሣኤ ከም ዝምስረት ከረድአና ኢሉ። ቀጺሉ “ነቲ ዝተንሥኤ ክርስቶስ እንተ ዘይሰበኽኩ ወይለይ” እናበለ ምእማን ጥራሕ ዘይኮነ ምምስካር እውን ከምዘድሊ ይነግረና።

- ክርስቶስ ኃጢአትን ሞትን አሸኒፉ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ካብ ሙታን ተንሢኡ። እዚ እዩ ምንጪ እምነትናን ምስጢር ድሕነትናን። ምስኡ ክንትንሥእ ንሕና እውን ንሞትን ኃጢአትን ክነሸንፍ ግድን እዩ። ንሓዲስ ሕይወት ሓዲስ መንፈስን አገባብን የድልዮ።

- ብምሉእ እምነት አሰር ክርስቶስ ጎይታና እንተ ተጓዒዝና ንሕና እውን አብ ክብሪ ትንሣኤ ክንሳተፍ ንኽእል ኢና። ንድሕሪት ከይጠመትና መስቀልና ጸርና ንገቦ ቀራንዮ ደይብና አብኡ ምስኡ እንተ ተሰቓልና ብርሃን ትንሣኤ ክንርኢ ኢና። ክበድ መስቀል ደው ከየብለና ንአምላኽ ሓግዘኒ ክንብሎ ግቡእ እዩ። ንማርያም ነታ ንጉዕዞ ፍኖተ መስቀል ብዓወት ዝዛዘመት ስለ ዝኾነት አብዚ ጊዜ ጉዕዞና አሰንይና ሓግዝና ንበላ።

- ዋሕስ ትንሣኤና ሓቀኛ ሕይወትን ጽኑዕ ክርስትያናዊ ሕይወት ከም እንኽተል ይገብረና። አብ ትንሣኤ ዝሳተፍ ዳርጋ ንድሕሪት አይጥምትን እዩ። ዕርፊ ድሕነት ሒዝና ንድሕሪት ከይንጥምት ባዕሉ ነጊሩና እዩ። ተኸታሊ ክርስቶስ ምኧንን ዘይ ወዲ ትንሣኤ ምኧንን ብሓባር አይከዱን እዮም።

- ንትዕቢት ኃጢአትን፥ ንጽልኢ፥ ንአይ ጥዓመኒ፥ ዘይቅንዕና፥ ሕማቕ አተሓሳስባ ኩሉ አባይ ሓንቲ ቦታ ክህልዎ አይግባእን። ትንሣኤ ካብቲ ባዕልና እንገብሮ ንምንጻሕ ርእስና እዩ ዝጅምር። ተሳተፍቲ ትንሣኤ ክንከውን ነቲ አብ ውሽጥና ዝርከብ መንፈስ ሰይጣን ክነሸንፎ ሎሚ እዋኑ እዩ።

ክርስቶስ ድሕርን ቅድምን ትንሣኤ ዝነበሮ ሓደን ዝተፈልየን እዩ። ወንጌላውያን ከም ዝሕብሩና እቲ ዝተንሥኤ ኢየሱስ ንሱ እቲ ኣብ መስቀል ዝተንሥኤ እዩ ይብሉና። ብኻልእ ከአ ፍሉይ ሓዋርያቱ ከለልይዎ ዘይክእሉ እዩ ነሩ። ኣብ ብዙሕ ድሕሪ ትንሣኤ ዝተራእዮ እውን ፍሉይ እዩ ዝመስል ዝነበረ። ድሕሪ ትንሣኤ ዝነበረ መልክዕ ኢየሱስ ከም ናይ ነፍስወከፍና መልክዕ እዩ። ስለዚ ኣብ ገጽ ነፍሲ ወከፍና ገጽ ኢየሱስ ክርአ ሎሚ መዓልቱ እዩ።

ንሱ ዝልለዮን ዝፍለጦን ብእምነት ጥራሕ እዩ። መሰርት ናይ እዚ እምነት መቓብር ጥርሑ ምጽንሑን ናይ ሓዋርያቱ ፍጹም ምቕያርን እዩ። ንሳቶም ንመምህሮም ክርእይዎ ተስፋ ኣይነበሮምን። ክትሓዝን ክዋረድን ኣብ መጨረሻ ክስቀልን እንከሎ መብዝሕትኦም ፋሕ ኢሎም ሃዲሞም። ከምቲ ንእኡ ዝወረዶ ከይወርዶም ፈሪሖም ተሓቢኦም።

ኣብ መጨረሻ ምስ ኣለለይዎ ወላ እኳ ብዝተፈልየ መገዲ ኣብ መንግኦም ይሃሉ እምበር ጨሪሾም ተቐይሮም ካብ ፈረሓትን ተጠራጠርትን ኣመንትን ሕጉሳትን ኮይኖም። ካብዚ ንድሓር ከም መምህሮም ንዝኾነ ጸገም ከምዝሓልፍዎ ሕይወቶም ምእንቲ ሓቅን ፍቕርን ኢሎም ከምዝህቡ ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና ኸአ መብዝሕትኦም ብሰማዕትነት ሓሊፎም።

## ከመይ እንተ ገበርና ኢና ነቲ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ኣብ ሕይወትና ክንረኽቦ እንኽእል።

ከመይ እንተ ገበርና ኢና ኣብዚ ኹሉ ክንሳተፍ እንኽእል። ኣብ 1ቆሮ 5፡6 ከምዚ ዝብል ንረክብ "ጃህራኹም ጽቡቕ ኣይኮነን ቍሩብ መባኹዕቲ ንብዘሎ እቲ ብሑቕዶ ከም ዝበኵዖዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም ከምቲ ሕጂ ዘሎኹምዎ ዘይበኹዐ ሓዲሽ ብሑቕ ምእንቲ ክትኮኑ ነቲ ኣረጊት መባኹዕቲ ኣጽርኹም ደርብይዎ ከመይ ገንሸል ፋሲካና ክርስቶስ ተሠዊዑ እዩ። ስለዚ በቲ ኣረጊት መባኹዕቲ ወይ ብመባኹዕቲ እከይን ሕሰምን ዘይኮነ ብዘይበኹዐ እንጌራ ማለት ብቕንዕናን ብሓቅን በዓልና ነኽብር"። ኣብ ርድኢት ኣይሁድ መባኹዕቲ ነቲ ብሑቕ ይቖትሎ ሕይወት ዘይብሉ ስለ ዝገብሮ ሕይወት የብሉን በዚ ምኽንያት እዩ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ዘይበኹዐ ዝግበር። ክርስቶስ ፋሲካና ስለ ዝተሰውዐ ብዓልና ንግበር ነቲ ኣረጊት ዘበለ ኵሉ ንደርብዮ ሓዲስ መልክዕ ነልበሶ። ትንሣኤ ብዓል ጥራሕ ኣይኮነን ውሽጣዊ ተሓድሶ ሕይወትና እውን ዝሓትት እዩ።

ነቲ ብጥምቀትን ብምስጢረ መሮንን ዝተቐበልናዮን ዝኣቶናዮን መብጽዓ ብዳግም እንሕድስሉ እዋን እዩ። ነዚ ንህብስቲ ቍርባን ክንቆርሶን ክንቅበሎን ከሎና ክንዝክሮ ኣሎና ምኽንያቱ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ኢና እንቕበል ዘሎና፥ ካብ ሰውነት ክርስቶስ ንካፈል እዚ ሰውነት ሰውነት ኢየሱስን መላእ ማሕበርን ዝሓዘ እዩ።

## ተልእኮና፡

ጴጥሮስ ኣብ ዝተነበ ካብ ግ.ሓ. ካብ ትንሣኤ ዝመጽእ ተልእኮ ይነግር። ንሱ ብጾቱ ሓዋርያትን ነቲ ሰናይ ዜና ትንሣኤ ክርስቶስ ከበስሩ ተልእክኦም እዩ። እዚ ኸአ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ንኢየሱስ ከም ሓቅን ሕይወትን መገድን ዝቕበል ዘበለ ዝውሃቦ ተልእኮ እዩ። ጴጥሮስን ብጾቱ "ሓዋርያት" ይብሃሉ ትርጉሙ ኸአ "ክነግሩ ኣብ ተልእኮ ዝተላእኩ" ማለት እዩ። ኣምባሳደራት ክርስቶስ ይብሎም ጳውሎስ።

ንሕና ነዚ ተልእኮ ንለብሶ ኢና። ኣርድእቲ ጥራሕ ኣይኮናን ሰዓብቲ ክርስቶስ ኢና። ሕያዋን ኣምባሳደራት እውን ኢና። ሰባት ንሕና እንተ ዘይነገርናዮም ብዛዕባ ኢየሱስ ክፈልጡ ኣይክእሉን እዮም።

ከም ልምዲ ቤተ ክርስትያን ኣብዚ እዋን ብዙሓት ይጥመቑ። ውላ ሓደ ክብዞም ዝጥመቑ ብባዕሉ ተበጊሱ ዝመጸ የለን ግድን ሓደ ካባና በዚ ወይ በቲ ጸልይዎ ወይ ነጊርዎ እዩ ዝመጸ። እቲ ሰናይ ዜና ክርስቶስ ብምስጢር ዝትሓዝ ኣይኮነን። ኣብ ዓለምና ብዙሓት ነዚ ሰናይ ዜና ክሰምዑ ዝደልዩ ስኣን ዘምጽኣሎም

ዝነግሮም ከይፈለጥዎ ዝነብሩ አሎዉ ስለዚ ሎሚ አነን ንስኹምን ኢና ነዚ ሰናይ ዜና ትንሣኤ እነብጽሕ። አባይን አባኹም እዩ ክፈልጡ እንተ ኾይኖም።

አበሰርቲ ትንሣኤ ሎሚ ንሕና ኢና። ኩሉ ብርሃን ትንሣኤ ክካፈል ክነብስር ንቀዳደም ሽዑ ዓለምና ክትቅየር እያ። እሞ ጸጋ ትንሣኤ ቀሲምና አብ ነነድሕድና ክርስቶስ ተንሢኡ እዩ ንሕና እውን ንአረጊት ጠባይናን አተሓሳስባናን ሓዲግና ሓዲስ ርክብን ፍቕርን አብ መንጎና ፈጢርና ሰበኽቲ ትንሣኤ ንኹን።

“ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን በዓብይ ሓይል ወስልጣን ይእዜሰ ኮነ ፍሥሓ ወሰላም” እናበልና ክንጽሊ ከሎና መጀመርያ ሰላም ክርስቶስ አብ ልብና አብ ግላዊ ሕይወትና ክአቱ ክነፍቅድ ድሕሪኡ ምስ ኩሉ ሰላም ክንገብር ድላይ አምላኽ እዩ። ‘አግአዚ ለአዳም አሰሮ ለሰይጣን” ክብሃል እንከሎ ሎሚ ካብ ኃቲአት ነጻ ኮና ማለት እዩ። ካብቲ አሲሩና ዘሎ ኃጢአትና ተነሲሕና ጣዕሚ ነጻነትን ደቂ ትንሣኤ ምኧንን ነስተማቕር። ቀዳመይቲ ፍረ ትንሣኤ ሰላም እያ እሞ አብ ገዛና አብ ዓለምናን ሃገርናን ንሰላም ንድለያ።

ተንሢኡ እዩ ጎይታና ንሕና ኸአ ካብ ኃጢአትና ንተንሥእ ሃዲስ ሕይወት ንልበስ ነዚ የብቅዓና።

ብሩኽ ብዓለ ትንሣእ ንኹልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ